NØDVARSEL

# ህጹጽ መጠንቀቕታ ኣብ ሞባይልኩም

## እቲ መጠንቀቕታ ኣንብብ፣ ነቲ ምኽሪ ተኸተል።

ከበድቲ/ኣስጋእቲ ፍጻመታት ብዘይ መጠንቀቕታ ከጋጥሙ ይኽእሉ እዮም። ከምዚኣቶም ከጋጥሙ ከለዉ፡ ብዛዕባ እንታይ ይኸውን ከምዘሎን እንታይ ክትገብር ከም ዘለካን ብቕልጡፍ ሓበሬታ ክትረክብ ኣገዳሲ እዩ። ስለዚ ኢና ድማ ንሕና ስርዓት ህጹጽ መጠንቀቕታ ንጀምር ዘለና። ኣብቲ ዘለኻዮ ቦታ ንህይወትን ንምምሕያሽ ዘስግኡ ሓደጋ ዘስዕብ ከበድቲ ኩነታት እንተተፈጢሮም፡ ኣብ ሞባይልካ ኣገዳሲ ሓበሬታ ዝሓዘ መጠንቀቕታ ክመጸካ ይኽእል እዩ።

እቲ ናይ ህጹጽ መጠንቀቕታ **እንታይ ይኸውን ከምዘሎን እንታይ ክትገብር ከም ዘለካን** ዝሕብር ሓጺር ጽሑፍ ዝሓዘ እዩ። ኣቓልቦኻ ንምስሓብ፡ ስልክኻ ተንቀጥቂጣ/ተነዝኒዛ ዓው ብዝበለ ብናይ ሳይረን (ናይ መጠንቐቕታ ኣውያት) ድምጺ ክትገብር እያ። ህጹጽ መጠንቀቕታ ምስ ዝመጸካ፡ ነቲ ምልክታ ኣንቢብካ ነቲ ምኽሪ ተኸተሎ።

## ብመንግስታዊ/ህዝባዊ ሰበስልጣን ዝወሃብ ኣገልግሎት

ስርዓት ህጹጽ መጠንቀቕታ ብሰበስልጣን ኖርወይ ዝወሃብ ኣገልግሎት እዩ። እቶም ፖሊስን ሲቪላዊ ምክልኻልን መጠንቀቕታ ክሰዱ ይኽእሉ እዮም።

ካልኦት ሓያሎ ሃገራት ኤውሮጳ ነዚ ቴክኖሎጂ ተጠቒመን ንዜጋታተን ከም ውሕጅ፣ ግብረሽበራዊ መጥቃዕትታትን ምፍሳስ ኬሚካልን ዝኣመሰሉ ከበድቲ/ዘስግኡ ሓደጋታት ንምጥንቃቕ ጽቡቕ ተመክሮ ኣለወን። ብሞባይል ዝግበር ህጹጽ መጠንቀቕታ ኣብዚ ኣብ ኖርወይ ህይወትን ጥዕናን ንምሕላው ክሕግዝ ይኽእል እዩ።

እዚ ስርዓት ህጹጽ መጠንቀቕታ ነቶም ድሮ ንህዝቢ ንምሕባር ዝጥቀሙሉ ዘለዉ ቓነላት ይምልእ እዩ።
ኣብ ኖርወይ ንሕና ድሮ ንዝተወሰነ እዋን ህዝባዊ መጠንቀቕታታት ኣሎና እዩ፣ ብመንገዲ ሳይረን(ናይ መጠንቐቕታ ኣውያት) ዝወሃብ፣ እዚ ድማ ሓበሬታ ኣብ ዘድልየካ ብዓው ዝበለ ድምጺ ዘመልክት እዩ። ከቢድ/ዘስግእ ፍጻመ ኣብ ዘጋጥመሉ ኣገዳሲ ሓበሬታ ኣብ ሓያሎ ቓነላት ንኣብነት ሬድዮ፡ ቲቪ፡ ቀጥታዊ ጋዜጣታት፡ ገጻት መርበብ ሓበሬታ ህዝባዊ በዓል መዚን ማሕበራዊ መራኸቢታትን ክመሓላለፍ እዩ።

ልክዕ ከምቲ እቶም ሳይረን(ናይ መጠንቐቕታ ኣውያት) ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሸዱሽተ ኣዋርሕ ዝፍተኑ፡ እዚ ኣብ ሞባይላት ዝርከብ ስርዓት ህጹጽ መጠንቀቕታ እውን ብቐጻሊ ክፍተን እዩ።

## እቲ ስርዓት ህጹጽ መጠንቀቕታ ብኸመይ ይሰርሕ

ህጹጽ መጠንቀቕታ ብመንገዲ መርበብ ሞባይል ቴሌፎን ናብ ኩለን ከምዚ ዓይነት መልእኽቲ ክቕበላ ዝኽእላ ሞባይላት ኣብ ውሽጢ ሒደት ካልኢታት ጥራይ ይለኣኽ። እቲ ናይ ምልክታ ጽሑፍ ከከም ቅጥዕታት ቋንቋ ስልክኻ ብቋንቋ ኖርወይ ወይ ብእንግሊዝኛ ክረአ እዩ። ስልክኻ ካብ ጽሑፍ ናብ ድምጺ ትቅይር እንተኾይና፡ እቲ መልእኽቲ ዓው ኢሉ ከምዝንበብ እውን ክትገብሮ ትኽእል ኢኻ።

እቲ ስርዓት ህጹጽ መጠንቀቕታ ቁጽሪ ተሌፎንካ ወይ ካልእ ብዛዕባኻ ወይ ብዛዕባ ስልክኻ ዝኾነ ሓበሬታ ኣይጥቀምን እዩ። ህጹጽ መጠንቀቕታታት ንምቕባል ምምዝጋብ ወይ ኣፕ ምውራድ ኣየድልየካን እዩ፣ እቲ ኣገልግሎት ድማ ምሉእ ብምሉእ ብነጻ እዩ። ስልክኻ ምስቲ ናይ ዝቀረበ እዋን ሶፍትዌር እዋናዊ/ዘመናዊ ምዃኑ ከተረጋግጽን ክትዝክር ኣለካ።

ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ emergencyalert.no ድለ።

POLITIET

dsb Direktoratet for samfunnssikkerhet og beredskap

SIVILFORSVARET